UNITED NATIONS
HUMAN RIGHTS COUNCIL

# ንዓለም-ለኸ ኮምሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ዝምልከት ዝተወሃበ መግለጺ

**ጳጉሜ 02, 2014**

**ኢንቴቤ/ጀኔቫ**

ዓለም-ለኸ ኮምሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ በቲ ኣብ ሞንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ከምኡ'ውን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ብዛዕባ እቲ ከም በሓዱሽ ተወሊዑ ዘሎ ተጻብኦታት ሕጉስ ከምዘይኮነ ዓሚቅ ስክፍትኡ ይገልጽ። ሰራዊት ኤርትራ ውን ኣብቲ ኩናት ይሳትፍ ኣሎ፧ እዚ ድማ እቲ ኩናት ናብ ካልኦት ሃገራት ናይ ምልሓኹ ተኸ ኩልኡ ናብ ሓደጋ ዘውድቅ እዩ። እዚ ኮምሽን ንኩሎም ተጻባእቲ ኣካላት ብቁልጡፍ ኩናት ደው ብምባል ዓለም-ለኸ ሕገ ሰብኣውነት ናይ ምኽባር ጉቡኦም ብምፍጻም ናብ ናይ ዘተ መስርሕ ንክምለሱ ዳግም ይጽውዕ።

ኣብቲ ዘባ ዝህልዎ ናይ ሰላምን ሓደጋ ኣብ ግምት ብምእታው ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሑቡራት መንግስታት እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት ንምዝርራብ ወሲኑ ብህጹጽ ዝጸወየ ኣኼባ እዚ ኮምሽን ብሰናይ ይቅበሎ። እቲ ባይቶ ናይ ሰለማውያን ውሕስነት ንምሕላው ከምኡ'ውን እቲ ጎነጽ ናብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሑ ነቲ ዘባ ዝርብሽ ተኽእሎ ክህልዎ ስለዘኽእል በቲ ሰነድ መሰረት ስጉምቲ ንክውስድ ብተወሳኺ ንጽውዕ። ስሕበት ናይዚ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ፥ ባይቶ ጽጥታ ናይ ኢትዮጵያ ከምኡ'ውን ቀርኒ ኣፍሪካ ጉዳይ ሓደ ካብቶም ህጹጽ ኣጀንዳታቱ ገይርዎም ንክጸንሕ እዚ ኮምሽን ይላቦ።

ብዛዕባ ዓለም-ለኸ ኮምሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም
-

**https://www.ohchr.org/en/hr-bodies/hrc/ichre-ethiopa/index**